ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን
ንኡስ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ

Eritrean Tewahdo Orthodox church
Diocese of North America

ዕለት ጥሪ 18/ 2008

**በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።**

**ናብ ኩለን ገዳማትን፣ ኣድባራትን**

**ኩሎም ውሉደ ክህነትን ምእመናንን ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ።**

**ቤተክርስቲያንና ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ከቢድ ፈተናን ተነጽሎ ካብ ሃውርያዊ ሰንሰለትን ትርከብ ፡ ምኽንያት ናይዚ ኹሉ ፈተናን ተነጽሎን ድማ ንከባቢ 1700 ዓመታት፣ ክንምርሓሉ ዝጸናሕና ሕጊ (ቀኖና) ቤተክርስቲያን ብምጥሓሱ እዩ። ንኡስ ሃገረስብከት ሰሜን ኣመሪካ ብሕጋዊ መንገዲ ብብጹእ ወቅዱስ ቀዳማይ ፓትሪያረክ ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ኤርትራ ኣቡነ ፍሊጶስ ብ2000ዓ.ም ዝቘመት ነዚ ዘሕፍር ተግባር ንክእረም ነቦታትን ዝምልከቶም ኣካላትን ብተደጋጋሚ ትጽውዕን ነቲ ተግባር ትኹንን ኣላ። ነዚ ኩሉ ጻውዒት ዕሽሽ ኢሎም ብስም ስላሴ ውግዘት ፓትሪያረክ ጥሒሶም ዝገብርዎ ዘለዉ ተግባራት፣ ካብ መንፈሳውያን ኣቦታት ዘይትጽበዮ ነገር እዩ። ምእመናን ንምብታን ዘይገብርዎ ጻዕሪ የለን ። እዚ ግን ኣማኒ ዝያዳ ንሓቂ ክፈልጥን ንኽጸንዕን ሓጊዝዎ እምበር ከምቲ ዝደለይዎ ኣይተበተነን። ንኡስ ሃገርሰብከት ዝያዳ እናዓበየን መንፈሳዊ ንጥፈታቱ ዝያዳ እናወሰኸን ይቕጽል ኣሎ። ብኣንጻሩ እተን ኣብትሕቴና ኣለዋ ዝብልወን ኣብያተክርስቲያናት ከምቲ ብገለ ፖለቲከኛታት ኣብ መርበብ ሓበሬታ ዝበሃል ሰላሳታት ዘይኮናስ እተን ዝርካበን ከይዕጸዋ ኣብ ኣስጋኢ ኩነታት ይርከባ ምህላወን ዘሕዝን እዩ።**

**ሓበን ሃገሮምን ህዝቦምን ዝኾኑ ምእመናን ኣብ ጉዳይ ሃገርን ሕዝብን ኣበርክተኦም ዓቢ ምኻኑ መዛግብቲ ቤትጽሕፈት ኤምባሲ ይምስክሮ እዩ። እቲ ጠንቂ ናይ እዚ ኩሉ ምፍልላይን ምግሃስ ቀኖናን/ሕጊ ቤተክርስቲያን እቲ ኣብዘይ ምልከቶ ደረጃ ስልጣን ቤተክርስቲያን ኣትዩ ዘሎ ኣቶ ይፍታሄ ዲሜጥሮስ ምኻኑ እናተፈለጠ ኣብክንዲ ንዑኡ ንምእላይ ምጽዓር ቤት ጽሕፈት ኤምባሲ ንምእመናን ካህናትን መሰረት ዘይብሉ ጸለመ ምጥቃንን ንሓድነት ሕዝቢ ጠንቂ ዝኾነ ወረ ምንዛሕን ንረብሓ መን ምኻኑ ጠፊኡና። ኩሉ ሃገራዊ ዓገብ ክብሎ ዘለዎ ጉዳይ ድማ እዩ።**

**እዚ ጉዳይ ፍታሕ ክረክብ ሓድነት ሕዝብና ክሕሎ ምእመናን ኣብሓደ ክጥርነፉ**



Eritrean Orthodox Church
Diocese of North America
P.O.BOX 390486
Snellville, GA. 30039
Fax 770-484-1344
E-mail Diocese@tewahdo.org
www.tewahdo.org

ቤተክርስቲያንና ሃዋርያዊ ሰንሰለታ ከይብተኽ ጻውዒትና ከምዚ ዝስዕብ ንዝምልከቶ ኩሉ ደጊምና ነቕርብ፥

1. ብሰለስተ ጉባኤታት፡ መንፈስ ቅዱስ ምሒሎም ኣብ መዓርግ ፓትርያርክ ዘለዉ ቅዱስ ኣቦና ኣቡነ እንጦንዮስ፡ ኣብ መንበሮም ተመሊሶም፡ ዝመሓልሉ ቅድስና ቤተ ክርስቲያን ክመርሑ፡ ምስ ኣቦታት ጳጳሳት፡ ሊቃነ ጳጳሳት፡ ተራኺቦም ጉዳዮም ክኣልዩ፡ ብስላጣን ስላሴ ዝተወግዘዎ ውግዘቶም ከልዕልሎም ገዳማውያን ኣቦታትን ናይ ኦሬንታል ኣብያተ ክርስቲያናትን፡ እኛሞም ከበርክቱ ንላቦ።
2. ናይዚ ኩሉ ዕንወትን ምፍልላይን ጠንቂ ዝኾነ ቅድስና ቤተክርስቲያን ዘነወረ ውልቀ ሰብ ኣቶ ዮፍታሄ ድሜጥሮስ፡ ካብቲ ባዕሉ ሕዝዎ ዘሎ ዘይግብኦ ሓላፍነት ናይ ቤተ ክርስቲያን ክእለ።
3. ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ፡ ነቲ መንግስቲ ኣብ ሃይማኖት ኢዱ ኣየእቱን እዩ ዝብል ኣዋጃት መንግስቲ ኤርትራ ብምርጋጽ፡ ኣብ ጉዳይ ቤተክርስቲያንን ኣገልገልቲ ካህናትን ምእመናንን ዝገብሮ ጸለመታትን ዝልፈታትን ምፍርራሕን ደው ከብል እቲ ንሓድነት ህዝቢ ጠንቂ ዝኾነ ብዛዕባ ጉዳይ ቤተክርስቲያን ኣብ ፈስቲቫላትን ካልኦት ጉባኤታትን ብሬድዮን ዝወሃብ ናይ ሓሶት መግለጺን ብሓፈሻ ኣብጉዳይ ቤተክርስቲያን ኢድ ምእታው ደው ከብል ዝምልከቶ ኣካል ክሓስበሉ ንጽውዕ።
4. ንኡስ ሃገረ ስብከት ጉዳይና ቀኖና ቤተ ክርስቲያን ምፍራሱ ምቅዋም እንተዘይኮይኑ፡ ከምቲ ንጸለመ ዝበሃል ጸረ ሃገርን ሕዝብን ናጽነትን፡ መንግስቲን፡ ወይ ካብ ሃገር ተነጺልካ ንምኻድን፡ ኣይኮነን። ጽኑዕ እምነት ተዋህዶ እምበር ካልእ እምነት ዘይክተልን፡ ናይፖለቲካ ኣጀንዳ ዘይብሉን ምዃኑ ደጊምና ክንሕብር ንፈቱ።
5. ኣብ ታሪኽ ቅድስና ቤተ ክርስቲያን ተራኣዮን ተሰሚዑን፡ ዘይፈልጥ፡ ኣቶ ይፍታሄ ብኢደዋኒኑ ሕጊ ቅድስት ቤተ ክርስቲያንና ቀይሩን ግሂሱን፡ ምሉእ ሥልጣን ቤተ ክርስቲያን ዘብሕቶ፡ ዓንቀጻቱ ብምስራዝ፡ ዋና ኣማሓዳሪ፡ ኣቶ…ብዝብል ተኪእዎ፡ ዝርከብ ኣነዋሪ ፍጻሜ ብህጹጽ ደው ከብሎ ንጽውዕ።

እዚ ጉዳይ እዚ ሓቀኛ ፍታሕ ክሳብ ዝርከብ፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ህሞት፡ ንሥርዓትን እምነትን ሃይማኖትና ዋጋ ዕዳጋ ከም ዘይንገብረሉን ክንሕብር ንፈቱ፡ ደም ክርስቶስ ዝፈሰሰላ ቅድስት ሓዋርያዊት ቤተ ክርስቲያን መዓልቲ ሓቂ ስለ


Eritrean Orthodox Church
Diocese of North America
P.O.BOX 390486
Snellville, GA. 30039
Fax 770-484-1344
E-mail Diocese@tewahdo.org
www.tewahdo.org

ዘሎ፣ ሓቂ ትነግሰሉ ጊዜ ርሑቕ ኣይኽኸውንን እዩ። ኩሉ ኣማኒ ድማ ንእምነቱ ብትብዓት ብጸሎትን ተግባርን ደው ክብል ጸዋዒትና ነመሓላልፍ።

እግዚኣብሔር ንሃገርና ኤርትራን ቤተክርስቲያንናን ብሰላምን ቅሳነትን ይሓሉ።

ዘለዓለማዊ ዕረፍትን ዝክርን ንኹሎም ስዉኣትና።

ቅዳሕ።

1. ንኹሎም ሊቃን ጳጳሳትን ጳጳሳትን፡
2. ንኹለን ገዳማትን ኣድባራትን ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ።
3. ንኹለን ናይ ኦሬንታል ኣብያተ ክርስቲያናት።
4. ንክቡር ኣቶ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ፕረሲደንት ኤርትራ ።
5. ንክብርቲ ወ/ሮ ፎዝያ ሓሽም ሚንስቴር ፍትሒ።
6. ንክቡር ዕስማን ሳልሕ ሚንስተር ወጻኢ ጉዳያት ሃገረ ኤርትራ።
7. ንክቡር ኣቶ ሠመረ በይን ሓላፊ ክፍሊ ሃይማኖታዊ ጉዳያት።



Eritrean Orthodox Church
Diocese of North America
P.O.BOX 390486
Snellville, GA. 30039
Fax 770-484-1344
E-mail Diocese@tewahdo.org
www.tewahdo.org